# ደቂ 16ን 17ን ክታበት ኰሮና ንክኽተቡ ዕድል ክወሃቦም ኢዩ።

## መንግስቲ ኖርወይ ብመሰረት ምኽሪ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ዝሃቦ ምኽሪ ንደቂ 16ን 17ን ክታበት ኰሮና ንክኽተቡ ዕድል ንክህቦም ውሳኔኡ ኣሕሊፉ ኣሎ።

ትካል ህዝባዊ ጥዕና (FHI) ብ2004ን 2005ን ንዝተወለዱ መንእሰያት ክታበት ኰሮና ንክኽተቡ ምኽሩ ሂቡ ኣሎ። መንግስቲ ብወገኑ ነዚ ምኽሪ'ዚ ይኽተሎ ብምህላው ነዞም ኣቐዲሞም ዝተጠቐሱ ጉጅለ ክሊ ዕድመ ኣብ መደብ ክትበት-ኰሮና ከማልኦም ኢዩ።

–ኣብ ክሊ ዕድመ 16ን 17ን ንዝርከቡ መንእሰያት ብኮቪድ-19 ከቢድ ሕማም ንክሓሙ ዘሎ ስግኣት ትሑት ኢዩ፡ ይኹን ድኣ እምበር ኣብዚ ክረምቲ ክርአ ዝጸንሐ ምዕባለታት ናህሪ ለብዒ ቈልዑን ዓበይቲ መንእሰያትን ብዙሓት ብከቢድ ንክሓሙ ዘሎ ተኽእሎታት እናኣጐልበቶ ከመጽእ ይኽእል ኢዩ። ክታበት ንሓደ ውልቀሰብ ክከላኸለሉ ይኽእል ኢዩ፡ ንመንእሰያትና ዝያዳ ንቡር ዝኾነ መዓልታዊ ህይወት ክፈጥረሎም ይኽእልን ኣብ መላእ ህዝብና ኸኣ ብዩንነት የስፍንን። ነዞም ኣብዚ ክሊ ዕድመ እዚ ንዘለው ጉጅለ ምኽታብ እውን ኣብ ሕብረተሰብና ንዘሎ ጽቕጠት ለብዒ ንምፋኺስ ግደ ክህልዎ ይኽእል ኢዩ፡ ስለዚ ድማ ለብዒ ኣብ ዕሸላት ደቅና እናወሓደ ኢዩ ዝመጽእ ይብል ሚንስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

ኣብ መፈለምታ ወርሒ ሓምለ ነዞም ጉጅለ ዕድመ እዚኦም ንምኽታብ ብዝምልከት ትካል ህዝባዊ ጥዕና [ግዝያዊ ምኽሩ/foreløpig anbefaling ]ጥራሕ ኢዩ ሂቡ ኔሩ፡ ንመንእሰያት ንምኽታብ ብዝተደለበ ሞያዊ ፍልጠት ብምሙርኳስ ግና፡ ጸኒሑም ሓደሽ ግምገማ ንከካይድሉ ኢዩ ኔሩ ድልየቶም። ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኣብ ዝተዋህቦም ተልእኾ ምልሶት ዕዮኦም ኣስፊሮሞ ከም ዘለው፡ ኣብዘን ዝሓለፋ መወዳእታ ሰምንታት ብዝተረኽበ ሓድሽ ኣፍልጦ ንደቂ 16ን 17ን ንክኽተቡ ዕድል ንክውሃቦም ዝብል ምኽርታቶም ከም ዘጠንከሮ ኢዩ።

## ብምልኦም ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ምስ ተኸተቡ ኢዮም ክኽተቡ

ብምልኦም ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ተኸቲቦም ምስ ወድኡ ኢዮም ደቂ 16ን 17ን ንክኽተቡ ዕድል ዝወሃቦም። ኰይኑ ከብቅዕ ግና፡ ንኡሳን ዞባታት ንገለ ገለ ደቂ 16ን 17ን ዝዕድሚኦም መንእሰያት ብፍሉይ ምኽንያታት ኣቐዲመን ንክኽትባ ዕድል ይኽፈተለን ኣሎ፡ ፍሉይ ኣጋጣሚታት ክብሃል እንከሎ ከም ንኣብነት ንወጻኢ ከይዶም ንዝምሃሩ ወኸኣ ኣብቲ ዝኸድዎ ዓዲ ንክልብዑ ልዑል ስግኣታት ምስ ዝህሉ ይኾውን።

ብምኽንያት ጥኑግ ሎጊስቲካዊ ኩነታትን ዝምልከተን ነርስታት ተኸታተልቲ ጥዕና ተማሃሮ ኣብ ክትበት ጥራሕ ንከይጽመዳን፡ ምኽታብ መንእሰያት ኣብቶም ልሙዳት መደበራት ክትበት ንኡሳን ዞባታት ኢዩ ክካየድ፡ ኩሉ ህዝቢ ዝኽተበሉ ቦታ ማለት ኢዩ። እዚ ኣገባብ ኣሰራርሓ እዚ ምስ ምኽርታት ትካል ህዝባዊ ጥዕና ዝጻረር ኣይኩነን።

## ኮሚርናትይ ዝዓይነቱ ክታበት ባዮንቴክ/ፋይዘር (BioNTech/Pfizer- Comirnaty) ክታበት ንክኽተቡ ይመኽሩ

ነቶም ኣብ ክሊ ዕድመ ካብ 12 ክሳብ 17 ዘለው ክወሃቦም ዝኽእል ተቐባልነት ዘለዎም ክታበታት ክልተ ዓይነታት ኢዮም፡ ንሳቶም ከኣ ኮሚርናትይ ዝዓይነቱ ክታበት ባዮንቴክ/ፋይዘርን ዓይነት ክታበት ስፓይክቫክስ ናይ ሞደርናን ኢዮም። ብመሰረት ግዝያዊ ምኽሪ ትካል ህዝባዊ ጥዕና መንእሰያት ኖርወይ ብቐንዱ ክታበት ኮሚርናትይ ንክወሃቦም ዝብል ኢዩ ኔሩ።

ክታበት ኮሚርናትይ ካብ ዝጸድቕ ነዊሕ ግዜ ኩይኑ ኣሎ። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ጥራሕ ክሳብ ዕለት 15 ነሓሰ 12 ሚልዮን ኣብ ክሊ ዕድመ ካብ 12 ክሳብ 17 ዘለው ቀዳማይ መርፍእ ክታበት ክኽተቡ ከለው 9 ሚልዮን ዝኾኑ ኸኣ ካልኣይ ክታበት መርፍአ ተኸቲቦም ኣለው። ክታበት ሞደርና ንመንእሰያት ንምኽታብ ሕጂ ኣብ መወዳእታ ሓመለ 2021 ኢዩ ጸዲቑ፡ ስለዚ ድማ ንዕኡ ዝምልከት ዝተደለበ ክንድቲ ተመክሮ የለን። ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኣስሚሩሉ ከም ዘሎ ግና ብመሰረት ዝተኻየደ መጽናዕቲታት ክታበታት ከም ዘረድኦ ኣድማዕነትን ውሕስነትን ክልቲኦን ክታበታት ምዕሩይ ከም ምዃኑ'ዩ።

## ኣብ መንጐ ክታበታት ዘሎ ጋግ ግዜ ካብ 8 ክሳብ 12 ሳምንታት ይኹውን

እቶም 16ን 17ን ዝዕድሚኦም መንእሰያት ክልተ መራፍእ ክታበታት ንክኽተቡ ዕድል ክወሃቦም ኢዩ፡ ከምቲ ዝተረፈ እኩል ክፋል ህዝብና ተዋሂብዎ ዘሎ ይኹውን ኣሎ ማለት ኢዩ። ኣብ መንጐ 1ይን 2ይን መራፍእ ክታበታት ተወጢኑ ዘሎ ጋግ ግዜ ካብ 8 ክሳብ 12 ሳምንታት ኢዩ። ኣብ ክልተ ምኽንያታት ዝተሞርኰሰ ድማ ኢዩ፡

- እቲ ቀንዲ ምኽንያት ዘጊት ተበጺሑ ዘሎ ሞያዊ ኣፍልጦ እተን ክታበታት mRNA ዝብሃላ ምስ ተወስዳ ብዛዕባ ሳሕታዊ ግን ከኣ፡ ከቢድ ንዝኾነ ዘሕድርኦ ጕር-ሳዕቤን ነድሪ ጭዋዳ-ልቢ (myocarditis) ድሩት ብምዃኑ ኢዩ። ነድሪ ጭዋዳ-ልቢ ብቐዳምነት ድሕሪ ቀዳማይ መርፍእ ክታበት ምስ ተወስደ ከም ምዃኑ ጸብጻባት የረድኡ። ብሰንኪ ጕር-ሳዕቤን ነድሪ ጭዋዳ-ልቢ ንመንእሰያት ኖርወይ ቅድሚ ካልኣይ መርፍእ ክታበት ምሃብና ዝያዳ ኣፍልጦ ብዛዕባ ስግኣታትን ትልሚ ሕማምን ክንቐስም ደሊና ኣለና። ኣብዘን ዝቕጽላ ኣዋርሕ ብዙሓት ሃገራት ኣብዚ ክሊ ዕድመ እዚ ንዘለው መንኣሰያተን ምስ ኣኽተባ፡ እቲ ንደልዮ ዘለና ሞያዊ ኣፍልጦ ክንረኽበ ኢና። ዝምልከቶም ሰበስልጣናት ጉዳያት ኣፋውስ ንጕር-ሳዕቤናት እቶም ክታበታት

ብጥብቂ ክከታተልዎም ከም ምኺኖም ሚንስተር ሀይየ ብወገኑ የገንዝብ።

- እቲ ካልኣይ ምኽንያት ከኣ እታ ቀዳማይቲ መርፍእ ክታበት ካብ ከበድቲ ሕማማትን ዑቑባ ሆስፒታልን ተገላግልን ብሓፈሽኡ ድማ መንእሰያት ዘለዎም ተጻዋርነት ክታበታት ኣዝዩ ጽቡቕ ብምኺኑን ኢዩ። ሓደስቲ መጽናዕቲታት ከም ዝሕብርዎ ንውሕ ዝበለ ጋግ ግዜ ኣብ መንጎ እተን መራፍእ ክታበታት ካብ ዝሓጸረ ጋግ ግዜ ዝሓሸ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ የሕድር ከም ምኺኑ ኢዩ፡ ካልኦት ክታበታት እውን ከምኡ ኣድማዕነት ከም ዘለዎም ዘይፍለጥ ኣይኮነን።

እንተድኣ ሓድሽ ሞያዊ ፍልጠት ክብጻሕ ተኻኢሉ ኸኣ እቲ ዘሎ ጋግ ግዜ ክሓጽር ይኽእል ኢዩ።

## መንእሰያት ንክኽተቡ ባዕሎም ክውስኑ ይኽእሉ ኢዮም

ሓደ ሰብ ዕድሚኡ 16 ምስ ዝመልእ ከም እኹል ተቐጺሩ ንኩነታት ጉዳይ ጥዕንኡ ዝምልከት ባዕሉ ናይ ምውሳን ሕጋዊ መሰል ኣለዎ። ስለዚ ድማ፡ ዕድሚኦም 16 ንዝመልኡ መንእሰያት፡ ንክኽተቡን ከይኽተቡን ባዕሎም ክውስኑ ይኽእሉ ኢዮም። ዕድሚኦም ትሕቲ 16 እንተኾይኑ ግና፡ እቶም ተሓታትነት ወለዲ ዘለዎም ንክኽተቡ ፍቓዶም ክህቡሎም ኣለዎም (መብዛሕቲኡ ግዜ ክልቲኦም ወለዶም'ዮም ተሓታትነት ወለዲ ዝህልዎም)። ንባዕሎም እቶም ትሕቲ 16 ዝዕድሚኦም መንእሰያት ዘለዎም ርእይቶታት ንምስማዕ ከቢድ ሚዛን ክውሃቦ ኣለዎ።